መምርሒ COVID-19 አብ ምምላስ ንቤት ትምህርትን መእለዪ ቁልዑን



ስድራ ቤታት አብ መስከረም ኪፈልጥኦ ዘለዎን

Public Health
Seattle & King County

መስከረም 2022

ደቅና ኣብ ቤት ትምህርቲ ድሕንነቶም ዝተሓለወን ሕጉሳትን ክኾኑ ንደሊ

ናብ ቤት ትምህርቲ ምምላስ ማለት ቁልዑ ዝያዳ ግዜኦም አብ ውሽጢ ክፍሊ ስለዘሕልፉዎ ከም ጉንፋዕ፡ ኢንፍሉወንዛን COVID-19ን ዝኣመሰሉ ደቀቕቲ ተህዋስያን ክመሓላለፉ ቀሊል ይኸውን ማለት እዩ።

ኣብዚ ዓመት እዚ ዝወጸ ናይ ድሕንነት መምርሒ ነቶም ደቀቕቲ ተህዋስያንን ዘስዕብዎም ሕማማትን ንምንካይ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ።



ምስ ሓኪምካ ወይ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕናኻ ቕጸራ ግበር ።

ደቅኻ ብዛዕባ ክታበት COVID-19 እዋናዊ ሓበሬታ ከምዝህልዎም ንምግባር ምስ ናይ ደቅኻ ሓኪም ቁልዑ ወይ ምስ ኣላዪ ክንክን ጥዕና ቕጸራ ግበር ወይ ነዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተወከስ


kingcounty.gov/vaccine/tigrinya



ኣብ ኪንግ ካውንቲ ዚርከባ ናይ ነጻ ክታበት ክሊኒካት

ቄልዑ ናይ COVID-19ን ካልኦት ብቤት ትምህርቲ ዝጥለብን ክታበት ካብ
ናይ ነጻ ክታበት ክሊኒካት ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም
ናጻ እዩ! ናይ መድሕን ወይ ናይ ስደተኛታት ዚገልጽ መረጋገጺ ኣየድልን እዩ ።
ንዝርከቡሉ ቦታታት ነዚ ዝስዕብ ተወከስ (ብ እንግሊዘኛ ጥራሕ)


kingcounty.gov/FindaClinic





ኣብያተ ትምህርትን መእለዪ ሕጻናትን መሸፈኒ አፍን አፍንጫን ክትገብር ይደልዩ ይኾኑ

ግቡእ መሸፈኒ አፍን አፍንጫን ኣብ ቦርሳ ውሉድካ ኣቀምጥ፡ ብሉጽ መሸፈኒ አፍን ኣፍንጫን ምግባር COVID-19 (ከምኡ’ውን ካልኦት ሕማማት) ንኽይላባዕ ዚሕግዝ ኣገዳሲ መሳርሒ ብምኻን ቀጺሉ አሎ።






መሸፈኒ አፍን ኣፍንጫን ምግባር ንቈልዑን መምህራንን ንክከላኸለሎም ይሕግዝ

እቶም ሕማም ናይ ምክልኻል ትሑት ዓቕሚ ዘለዎም፡ ክታበት ዘይወሰዱ፡ ወይ እውን ሕማም ዝስምዖም ሰባት ንገዛእ ርእሶምን ንኻልኦትን ንምክልኻል አብ ውሽጢ ገዛ አብዝህልውሉ እዋን መሸፈኒ አፍን ኣፍንጫን ክገብሩ ኣለዎም።



ንስኻ ወይ ውሉድካ ናይ COVID-19 መርመራ ውጽኢት ኣወንታዊ እንተ ኾይኑ እንታይ ከም እትገብር

ኣብ ቤትካ እንተ ወሓደ ን5 መዓልቲ ተገሊልካ (ተወሺብካ) ጽናሕ።



ኣብውሽጢ እተን 5 መዓልትታት ወላ እኳ እንደገና ብምምርማር ወጽኢትካ ኣሉታዊ እንተኾነ ኣብ ቤትካ ኽትጸንሕ ኣሎካ።

ኣብ 5ይ መዓልቲ ናይ ሕማም ምልክት እንተ ዘይብልካ ናብ ስራሕ፡ ቤት ትምህርትን መእለዪ ቄልዑን ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። ናይ መርመራ ውጽኢትካ ኣወንታዊ እንተ ኾይኑ ንተወሳኺ 5 መዓልትታት ተገሊልካ (ተወሽብካ) ምጽናሕ ቀጽል።



ንስኻ ወይ ውሉድካ ናይ COVID-19 መርመራ ውጽኢት ኣወንታዊ እንተ ኾይኑ እንታይ ከም እትገብር (መቐጸልታ)


አብ ከባቢ ካልኦት ሰባት ን10 መዓልትታት፡ አብ ከባቢ ንCOVID-19 ልዑል ስግኣት ዘልዎም ሰባት ድማ ን11 መዓልትታት ግቡእ መሸፈኒ አፍን አፍንጫን ምግባር ቀጽል።

ተመሃሮን ቄልዑን ካብ ናይ 5 መዓልታት ተገሊሎም ምጽናሕ ክምለሱ እከለዉ ካብ 6ይ ክሳብ 10ይ መዓልቲ ግቡእ መሸፈኒ አፍን አፍንጫን ክገብሩ ኣለዎም።

ተመሃሮ እንተ ተኻኢሉ ናብ ቤት ትምህርቲ ወይ መእለዪ ቄልዑ ቕድሚ ምምላሶም መርመራ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ።

ክታበት COVID-19 እቲዝበለጸ መከላኸሊ ኮይኑ ይቅጽል

ክታበት ንቐልዑ ካብ ሆስፒታል ምእታውን ካብ ከቢድ ሕማም COVID-19ን ንምክልኻል ይሕግዝ። ሕጂ እቲ ክታበት ን6 ወርሕን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቈልዑ ቁሩብ አሎ። መጠን መሐየሊ ክታበት እውን ነቶም 5 ዓመትን ልዕሊኡን ዝዕድሚኦም ቈልዑ ቁሩብ አሎ ።




ንድሕነት ቤት ትምህርቲ ስለ ዝሓገዝኩም ነመስግን!

እዞም ናይ COVID-19 መከላኸሊ መሳርሒታት ንኣባላት ስድራ ቤት፡ ንመምህራንን

ናይ ቤት ትምህርቲ የዕሩኽን እውን ይከላኸሉ እዮም። ማዕረ ማዕረ ምቕያር መምርሒታት ምስጓም ቀሊል ከም ዘይኮነ ንፈልጥ ኢና ። ንኹሉ እትገብርዎ ነመስግን!







kingcounty.gov/vaccine/tigrinya

Public Health
Seattle & King County